# ፍትሒ (ርትዒ) *(Justice)*

ብመም. ቀለተ ኣስፍሃ 16 ሰነ 2010 ዓ.ም.

ቅድሚ ትሕዝቶ ፍትሒ ምጽሓፍ: ትርጕም ፍትሒ ብግቡእ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ስለ'ዚ ትርጕምን ትሕዝቶን "ፍትሒ" ብመጠኑ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ክትንተን ይከኣል። ፍትሒ:- ምምዕርራይን: ሚዛናውነትን ተቐባልነትን ዘለዎ ቅኑዕ ገባብ ምሕደራ ሓደ መንግስቲ ማለት'ዩ።

ሓደ መንግስቲ ዝብሃል: ብፍትሓውያንን ዘይፍትሓውያንን ደቂ-ሰባት ተጻናቢሮም ዝቒውዎ'ዩ። እቲ ህዝቢ ዝተዓደለን ንቕሕን ኣንተኾይኑ: እቶም ቅኑዓት መራሕቲ ኣብ ስልጣን ይመጹሞ ድልየቱን ራእዩኡን ይትግብሩ። ሽዑ እቲ ህዝቢ ብልቡ ነቶም ፍትሓውያንን ቅኑዓትን መራሕቲ እናስዓበ: እናወደሶምን እናመረቖምን: ሰላምን ቅሳነትን ይሰፍኖሞ: እታ ሃገር ከኣ ምዕብልቲ ኮይና ኣብ ዓለም ብኸርዓት ትፍለጥ። እቲ መንግስቲ ግፍዐኛን ጨቋንን ምስዝኸውን ግና: እቲ ህዝቢ ንቕሑን ጐራሕን ኣንተድኣ ኮይኑ ክቃወሞን: ተቓዊሙ ድማ ለውጢ ከምጽእን: ነቲ ዘይፍትሓዊ መንግስቲ ከኣ ብቕኑዓት መራሕቲ ክትክእ ባህርያዊ እዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ግና: እቲ ህዝቢ ገርህኛን ኣማኒን ስምዒታዊን ኣንተድኣ ኮይኑ: ማለት ዘይንቕሕ ኣንተድኣ ኮይኑ ከይተረድኦ ደድሕሪኡ ኣናስዓበ ኣንጻር ጥቕሙ ይዓዪ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ከኣ: እቶም ዝተሸሙ መራሕቲ ዝንባሌ ህዝቢ መዝሚዞምን: ድልየትን ራእዩን ህዝቢ ሰሪቖምን: ፍትሒ ጥሒሶምን: ብብልሸው ኣመራርሓ ይሃስዩዎ። ኣብቲ ሃገር ከኣ ዓመጽን ጭቈናን ይነግስ። እቲ ህዝቢ ድማ እናተራገመን እናተሳቐየን ተገዚኡ ይነብር። ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን እምብኣር ኣብ ኤርትራ: እንታይ ዓይነት መንግስቲ ወይ ኣንታይ ዓይነት ምምሕዳር ከምዘሎን: እቲ ህዝቢ ኤርትራኸ ነዚ ኣለልዩ እንታይ ዓይነት ተቓውሞ የርኢ'ሎ: ወይ ንመጻኢ ግዜ እንታይ ክገብር'ዩ ዝድሊ ንኣንባቢ ይግደፍ።

ፍትሒ ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ: መሰረታዊን ሞራላዊን ክብሪ ዝህብ: ሕመሬት ስነ-ስርዓት'ዩ። ፍትሒ ማለት ንብጻይካ ከም ሰብ መጠን: ሰብኣዊ ክብሩ ተቐቢልካ ምሕላው ማለት'ዩ። ፍትሒ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ሓደ ሃገር: ወዲ-ሰብ ተኻባቢሩ ዝነብረሉ መዓቀኒ'ዩ። ብፍትሕን ርትዓውነትን ዝነብር ህዝቢ ከኣ: ብዘይ ፍርሒ ኰሪዑ ይነብር። ብፍትሒ ዘይመሓደር ህዝቢ ግና ሰብኣዊ መሰሉ ተገፊፉ ብራዕዲ ይነብር።

<u>ንመረዳእታ</u>:- ኣብ መንጎ ህዝብታት: ንብረትን ወይከኣ ዋንነት መሬትን: ብማዕርነት ንምምቕቓል ዝሕግዝ ፍትሒ ጥራይ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ: ኣብ ፍትሒ ተመርኲሱ: ዋንነት ርስቱ ብማዕርነት እናተመቓቐለ (እናኣዋረደ): ካብ ውሉድ ወለዶ እናተዋራረሰ ንመዋእል ክነብር ጸኒሑ'ዩ። ሎሚ ግና እቲ መንግስቲ'የ ዝብል ሓይሊ ህ.ግ.ደ.ፍ.: "መሬት:- መሬት መንግስት'ዩ" ኢሉ ብኢደወነኑ ብምእዋጅ: ነቲ መሰል ዋንነት ህዝቢ ኤርትራ ብሒቱዎ ይርከብ። ስለ'ዚ መሰል ዋንነት ርስቲ ዘይብሉ ህዝቢ: መሰሉ ዝተሓለው ነጻ ሃገራዊ'ዩ ክብሃል ኣይክኣልን'ዩ። መኸንያቱ ወዲ ሃገር ዝብሃል: መሰሉ ዝተሓለወ ህዝቢ ዝብሃል: ካብ'ቲ ኣብ ሃገሩ ዘሎ ጸጋታት ብማዕርነትተ ኻፊሉ ክነብር ከሎ ጥራይ እዩ። ብመሰረቱ ህዝቢ ኤርትራ ንመሬቱን ዓዱን ኢሉ'ዩ: ን30 ዓመታት ከይተሓለለ: ንምዕራባውያንን (ጽዮናውያንን ሃጺያውያንን): ምብራቓውያን (ማሕበራውያን) ሓይልታት: ምስቶም ኰራኸሮም መሳፍንትን ሰብ ጽሮራ መኰንናትን ኢትዮጵያውያን: ብጃምላ ስዒሩ ንመሬት ኤርትራ ካብኦም ነጻ ዘውጽኣ።

ሰለስተ ዓይነት ፍትሒ ኣሎ:-

1) ሕድሕዳዊ-ፍትሒ *(Commutative Justice)*
2) ተማቓራሒ ፍትሒ *(Distributive Justice)*
3) ሕጋዊ ፍትሒ *(Legal Justice)*
4) ማሕበራዊ ፍትሒ (*Social Justice)*

ኣብ ምሕላው ሕጊ ዝተመስረተ: ንማሕበራዊ ህይወት ዝሰርዕ <u>ሕጋዊ ፍትሒ</u> ይብሃል። ፖለቲካውን ቊጠባዊ ጒዳያት ሓደ ሃገር: ኣብ ትሕቲ ጽላል ሕጋዊ ፍትሒ ምስ ዘጽልል ጥራይ እዩ: ዲሞክራስያዊ ክኸውን ዝኽእል። ሕጋዊ ፍትሒ መለለዪ ልዑላዊት ሃገርን ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰልን'ዩ። ሕጋዊ ፍትሒ ዘይብላ ሓንቲ ሃገር ሰባኣዊ-መሰል ህዝባ ስለዘይክበር: <u>ልዑላውነትን ክብርን</u> ኣለዋ ክብሃል ኣጸጋሚ'ዩ።

ኣብ'ታ ጥንታዊት ኤርትራ ሃገርና: ህዝባ ብፍትሕን ብሕገ-እንዳባን ተሰሪዑ ይነብር ከምዝነበረ: እቶም ዘርከብናሉ ንዝክሮ ክውንነታዊ ሓቂ'ዩ። እቶም ዘየርከብናሉ ከኣ ታሪኽ መጻሕፍቲ ኣንተድኣ ገናጺልና ንኽንረኽቦ ኣየጸግምን'ዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ'ኸ እዘን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ: መምዘኒ ኵሉ ህይወት ወዲ-ሰብ ዝኾና <u>ኣካላት ፍትሒ</u> 1) ሕድሕዳዊ-ፍትሒ *(Commutative Justice)* 2) ተማቓራሒ ፍትሒ *(Distributive Justice)* 3) ሕጋዊ ፍትሒ *(Legal Justice)* 4) ማሕበራዊ ፍትሒ *(Social Justice)* ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ይትግበራዶ ኣለዋ? ኣይፋሉን ህዝቢ ኤርትራ ኣዘን ኩለን ዝተጠቕሳ መዓቀኒ ሰብኣዊ መሰልን: ግላዊ ረብሓን ዝኾና ኣካላት ፍትሒ ተነፊገናኦ እዩ ዝነብር ዘሎ።

ምትሕልላይን ፍቕርን ዝሰፈኖ ማሕበራዊ ህይወት ዘለዎ ህዝቢ: ብሰላምን ብቕሳነትን <u>ብፍትሕን</u> ይነብር። ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ'ቶም እናተባራረዩ ላሕ ዘብሉዎ ዝነበሩ ባዕዳውያን ወረርቲ'ኳ: እታ <u>ፍትሒ</u> እትብሃል ንብዙሕ ዓመታት ተሓሪማቶ'ኳ ኣንተነበረት: ድሕሪ *30* ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ግና: ሓንሳብን ንሓዋሩን ንጸላእቱ ምስ ስዓሮም: ነታ ዝሓልማን ዝብህጋን ዝነበረ ሓርነት: ረኺቡያ ኢሉ ብፍትሒ ዝነብር መሲሉዎ ብጓይላን ብሳዕሳዒትን ሓጐሱ ገሊጹ'ዩ። "ንኾንቱ ጻሞኻ ኤሳው" ከምዝብሃል ግና: ህዝቢ ኤርትራ ዕድሉ ኮይኑ ድሕሪ ነጻነት: ኣንሆ *19* ዓመታት ሓሊፉ: ነታ <u>ብፍትሒ ዝተሰነየት ነጻነት</u> ከይረኸባ ይነብር ኣሎ። ብሓጺሩ እታ መሬት ኤርትራ ድኣ: ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ሓራ ወጺኣ'ምበር: እቲ ህዝባስ ሓራ ኣይወጸን።

<u>ፍቕሪ:</u> ከም ፈልፋሊት ማይ ኮይና ምንጪ ክብርን ፍትሕን ነጻነትን'ያ። ሎሚ እዋን ኣብ ሃገርና ፍቕርን: ሰብኣዊን ማሕበራዊ ክብሪን እናላሕልሑ ይኸዱ ከምዘለው: ንዝኾነ ይኹን ኣብ ኤርትራን: ኣብ ወጻእን ዝነብር ኤርትራዊ ርዱእ'ዩ። እቲ ብሰንኪ ሕጊ-ኣልቦ ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝተፈጥረ ኵናትን ምትህልላኽን: ንህዝቢ ኤርትራ በረኸት ኣጥፊኣሉ ሽኣል ኣታኣታትዩሉ እዩ። ስለዚ ብሰንኪ ሕጊ-ኣልቦ ህ.ግ.ደ.ፍ. ፍቕሪ ኣብ ኤርትራ እናጠፍአት ከይዳ። ብመሰረቱ ፍቕሪ'ያ ንሰብኣዊን ማሕበራዊ *(Personal and Social Values)* ክብርን ደቂሰባት ትወልዶም። ሰብኣዊን ማሕበራዊን ክብሪ ድማ መምዘኒ ሓደ ሓራ ሕብረተ-ሰብ"ዮም። ሰብኣዊን ማሕበራዊን ክብሪ ዝተነፍጎ ህዝቢ: ሓራ ክኸውን ኣነተድኣ ኮይኑ: ተማሳሲሉን ኣስተማሲሉን ተገዚኡ ክነብር ዘይኮነስ: ንመሰሉ ኢሉ ተቓውሞ ምስ ዘርኢ ጥራይ እዩ።

ሰብኣዊ ክብሪ *(Personal Values)* ዘይብሉ ህዝቢ: ሰብኣዊ ህይወት *(Personal Life)* የብሉን። ሰብኣዊ ህይወት ዘይብሉ ህዝቢ ከኣ ሰብኣዊ ነጻነት የብሉን። መኽንያቱ ንዝኾነ ይኹን ማሕበራዊ ናብራን ትካልን ዝገልጹ ሰብኣዊን ማሕበራዊን ክብርታት *(Personal and Social Values)* እዮም። እዚኣቶም ግና ኣብ ኤርትራ በኸሮም ኣለው። "ካብ ክፉእ ዝገብሩኻ ክፉእ ዘልምዱኻ" ከምዝብሃል: ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ: <u>በቲ መንጪ ስስዐን ጭካኔን</u> <u>*ንዓይ ይጥዓመንን: ዝመንፈሱ ጭፍራ ማፍያ ህ.ግ.ደ.ፍ.: ሰጥ-ለበጥ ኢሉ ይግዛእ ኣሎ*</u>። እወ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ንብረት ሕገ-ኣልቦ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኮይኑ'ዩ ማሲኑ ዝነብር ዘሎ: ክብሃል ይክኣል'ዩ። እሞ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ'ኸ: ንዝተነፍጎ ሰብኣዊ ክብሪ ንኽመልስ ተቓውሞን መኸተን ገሩ መስዋእትነትን'ዶ ይኸፍል ኣሎ? ወይስ ውሽጡ ሕሩር ኮይኑ

“ዓሕ ዋይ ኣነ ሸ! እናበለ ጥራይ እዩ ተገዚኡ ዝነብር ኣሎ? ኣንባባይ እስከ ባዕልኻ ፍረድ።

*__ነጻነት__:- ነጻነት ንወዲ-ሰብ እቲ ዝልዓለ ምልክትን ረቓሒን መለኮታዊ መሰሉን”ዩ። ሓንቲ ካብ’ተን መሰረታውያን ክብሪታት ሓደ ሕብረተ-ሰብ ከኣ ብፍትሒ ዝተሰነየት ነጻነት’ያ። ስለ’ዚ ነጻነት ትርጉም ክህልዋ ዝኽእል፣ ኩሉ መሰረታዊ ክብርታት ሓደ ሕብረ-ሰብ: ካብ ክብሪ ሓደ ወልቀ-ሰብ ዝመንጨወ ስለዝኾነ: ካብ ውልቀ-ሰብ ጀሚሩ ሰብኣዊ መሰል ዝተዓቀበ ምስዝኸውን ጥራይ እያ። ሓደ ህዝቢ ሰብኣዊ መሰሉን ክብሩን ተሓልዩ ብፍትሓዊ ምሕደራ ዘይመሓደር ኣንተድኣ ኮይኑ: __ነጻነት__ ኣለዎ ክብሃል ኣይከኣልን’ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግና ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ኣትሒዙ: ዓመት ዓመት ብዓል ነጻነት ኣናበለ የብዕል ኣሎ። ትማሊ ዝሓለፈ 24 ግንቦት 2010’ውን “ብዓል ነጻነት“ ኣብዒሉ’ዩ። እቲ ካብ ኵሉ ዘስደምም ግና: ኣብ’ቲ “ብዓል ነጻነት“ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰልን ፍትሕን ዲሞክራስያን ምርጫን ዝብሉ ቃላት: በቲ “ርእሰ-ብሔር“ ዝኾነ ኢሰያስ ክጥቀሱ ኣይተሰምዑን። እቲ ካልኣይ ኣስደማሚ ጉዳይ ድማ: ድሕሪ መደረ “ርእሰ-ብሔር ኤርትራ“: እቲ ብዘይ ፍትሒ ዝግዛእ ዘሎ ህዝቢ “ኣይፋልካን ፍትሒ ኣብ ኤርትራ የልቦን“ ኢሉ ጠለባቱን መኸትኡን ከስምዕ ብዘይ ምኽኣሉ’ዩ። እቲ ርኡይን ክዉንን ሓቂ ግና: ህዝቢ ኤርትራ በቲ እኩብ ድሙር ዝሓለፉ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝኾነ: ጸሊም-ጣልያን ሓለቓ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኢሰያስ’ዩ ብሕሱም ዝግዛእ ዘሎ። ኢሰያስ ንህዝቢ ኣሃሚሉ ንሰውራ ሰሪቑ ብዓመጽ ኣብ ስልጣን ካብ ዝስቀል ጀሚሩ: ህዝቢ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰሉን ባህሉን ዋንነት መሬቱን: ሃይማኖቱን ሕጊ-እንዳቦኡን ተጋሂሱ’ዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ እቶም ኩሎም መሰረታውያን ክብርታት ሓደ ሕብረ-ሰብ: ተሓሪሙዎ ዝነብር ዘሎ ህዝቢ’ዩ። መሰረታውያን ክብሪታት ሓደ ሕብረተ-ሰብ ሓቀኛ ነጻነትን: ፍትሕን ፍቕሪን’የን። እዚኤን ግና ኣብ ኤርትራ በኹረን ኣለዋ። ህዝቢ ኤርትራ’ምብኣር ኣዘን ኩለን ዝተጠቕሳ ረቛሒታት ህይወት ጐዲለናኦ ከለዋ: “ንጉስ ሰማይ ክሳብ ዝረድእ ንጉስ ምድሪ ይጐድእ“ ኢሉ ጥራይ እዩ ውሽጡ ሕሩር ኮይኑ ዝሳቐ ዘሎ። “ነጻነት“ ከምዘለዎ ኮይኑ ከኣ: ኣብ ብዓል ነጻነት ዓመት ዓመት ክስዕስዕ ይርኤ’ሎ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ: “ንዝሓለፈ ኣይትድገመና ብዝተረፈ“ ኢሉ: ከም’ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት: ኣብ ሃገር ታይላንድ ዝተራእየ መኸተ ከርኢ’ዩ ዝግባእ ነይሩ። ብራዕዲ ስለላዊ መርበብ ኢሰያስ ተዳሂሉ ግና ክቃወም ኣይከኣለን። ብርግጽ ግና መስዋእቲ ከይከፈልካ ከቶ ለውጢ ኣይርከብን’ዩ።*

*ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ሃለዋት ህዝቢ ከም’ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ካብ ኮነ: ብሸነኽ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ስደተኛታት ኤርትራኸ ኣንታይ ተስፋታት ኣሎ?*

## __“ንማሽላ ቈላ ንዓደቦ ዋዕላ“__

ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ኵነታቱ ኣብ ሓዲግ-መዲግ ወዲቑ ከሎ: እቶም ብዙሓት ኣብ ወጽኢ ዝነብሩ ስደታኛታት ኤርትራውያን ይኹኑ: እቶም ውሑዳት ኣባላት ተቓወምቲ ሓይልታትን: ብሕልፊ’ኳድኣ ሙሁራት ዜጋታት ኤርትራ ግና: መጽናዕቲ ብምክያድ ዝሓለፈን ዘሎን ጸገማት ገምጊሞም: ብውህደት ተሳንዮም ኣብ ኤርትራ ለውጢ ንኸመጽኡ ክሳብ ሕጂ ኣይበቕዑን። ለውጢ ከኣ ተፋላሊኻን ነንሓድሕድካ እና-ተማናጨትካን ከቶ ክመጽእ ኣይክእልን’ዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብ’ዚ ዘሎናዮ መድረኽ: መድረኽ ምትህልላኽን ምፍልላይን ድኣንበር: ንፍታሕ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ቀዳምነት ሂቡ: ብምጽውዋርን ብልቦናን ሓደ መሰጋገሪ ሃገራዊ ባይቶ ዝምስረተሉ መስርሕ ገና ኣይተራእየን። ቅድሚ ሎሚ ተደጋጊሙ ከምዝተገልጸ ግና: መራሕቲ ውድባት ጥዑም ኣስማት ውድባት እናኣጠመቑ ምእዋጅ ከምወልፊ ክወስድዎ ጸኒሖም’ዮም።

ንመረዳእታ:- “ምሕዝነት ኪዳን “ህዝባዊ-ፓርቲ“ ኤርትርዊ ዲሞክራስያዊ-ፓርቲ“: ህዝባዊ ምንቅስቓስ“: ሃገራዊ ድሕነት…ወዘተ…ኣናበሉ: ንህዝብና ኒሕ ቃልሱን ተስፋኡን ዳርጋ ፍሑቕሞ'ዮም። ሎሚ ከኣ እቲ ኣስማት ውድባት ስለዝተመንወ: “ዋ ዕ ላ“ ዝብሃል ሓዲሽ ምህዞ ተወሲዱ: ወግሐ-ጸብሐ ክድረፈሉ ይስማዕ ኣሎ። “ንማሽላ ቈላ ንዓደቦ ዋዕላ“ ከምዝብሃል: “ዋ ዕ ላ“ ሎሚ ዝተማህዘ ኣይኮነን። “ዋ ዕ ላ“ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብቐዳሞት ዓደቦ ተሰሪቱ: ኣብ ዓዓዱ ብባይቶ ዓደቦ ኣቢሉ ዘካይዶ ዝነበረ መሰረት'ዩ'ምበር: ሎሚ ዱብ ኢሉ ካብ ሰማይ ዝወረደ ተኣምራት ኣይኮነን። ብመሰረቱ ህዝባዊ ባይቶ ብህዝባዊ ዋዕላ ኣቢልካ: ኣብ ውሽጢ ሃገር ጽባሕ ዝግበር'ዩ። ኩሉ ወዲ ሃገር ንድሕነት ሃገር ክብል: ውልቃዊ ረብሓኡ ገዲፉ: ንሓባራዊን ህዝባዊን ረብሓ ኣቐዲሙ: ዘሳሓሕቦን ዘቀያይሞን ግርጭታት ብሕድገታት ጸራሪጉ: ኩሎም ዜጋታት ዝሳተፍዎ መሰጋገሪ ዝኾውን ግዝያዊን ምእኩልን ባይቶ: ብመስርሕ ዋዕላ ክምስረት ከሎ ጥራይ እዩ: ህዝብና ተስፋ ክንብረሉ ዝኽእልን: ፋሺስታዊ “ርእሰ-ብሔር“ ኢሰያስ ድማ ክርዕድ ዝኽእልን። ከይተዋሃሃድካን ከይተቐረብካን ከይተዳሎኻን: ኣፈርኩቡ! መዋእል ኢሰያስ ኣብቂዑ'ዩ! ከምዝተባሃልካ: ተጻዋዊዕካ “ዋ ዕ ላ“ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ኣካይድና ኢልካ ምእዋጅ: ኣናፍራ ቈጃሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃዳናይን ጥራይ እዩ ትርፉ። ንግበሮን ኣይነጸብቆን ካብ ምግባር ከኣ: ረጋእ ኢልካ ጻባሕ ንግሆ ኣንታይ ከምዝመጸካ ኣጽኒዕካ: ዝህነጽ ባይቶ ጥራይ እዩ: ኣልፋን ኦሜጋን ኮይኑ ንህዝብና ጽባሕ ብጊሓት መድሃኒት ሽግሩ ክኸውን ዝኽእል።

ርግጽ'ዩ ብወገን ተ.ሓ.ኤ. ይኹን ብወገን ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ግዜ ቃልሲ: እታ “ባ ይ ቶ“ ወይ “ዋ ዕ ላ“ እትብሃል ክትምስረት ይትረፍሲ: እታ ቃል ክትጽዋዕ'ውን ኣይደልዩን'ዮም ነይሮም። ድሕሪ ክንደይ መዋእል ግና: ፌስቲቫል ካስል ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን: ብፍላይ ብግዱሳት ዜጋታት ኤርትራውያን ዝተበገሰ ተበግሶ: “ሃ ገ ራ ዊ - ዋ ዕ ላ” እትብሃል ቃል ክትቅልቀል ጀሚራ። ብሓፈሻ በተን ተቓወምቲ ውድባት ዝብሃላ: ብተደጋጋሚ ክትግበር ላዕልን ታሕትን ይብሃለላ ከምዝነበረ: እቶም ኣብኡ ዝነበርና ግዱሳት ሃገራውያን ኤርትራውያን ንዝክሮ ታሪኽ'ዩ። እታ “ዋ ዕ ላ“ እትብሃል ኣገባብ ጥርናፈ ግና: ብግስ ከይበለት በኒና ተሪፉ። ታሓተትቲ መጥፋእቲ-ዋዕላ ድማ እቶም መራሕቲ ውድባት'ዮም። ዳርጋ ንኣስታት 8 ዓመታት ተረሲዓ ድሕሪ ምጽናሓ ግና: ሎሚ ኣፈርኩቡ መንግስቲ ኢሰያስ ከምዝኣኸለ ዘምስል ወፍሪ ይካየደላ ኣሎ። ብዙሓት ደቂ ገርሂ-ልባ ገርህኛታት ኤርትራውያን ከኣ: ሓቂ መሲሉዎም ብስምዒት ደገፎም ክገልጹ ይስምዑ ኣለው። ”ነዳይ ኣብ ልቡ ዘሎ ይሓልም” ከምዝብሃል: እንተ ሰሊጡ ድኣሞ ሰናይ'ምበር። ብቐደሙስ መንዶ ዋዕላን ባይቶን ዝጸልእ ኤርትራዊ ነይሩ'ዩ። ዋ ዕ ላ ን ባ ይ ቶ ን እኮ ካብ ጥንቲ ቅድሚ ውድባት ምፍጣረን ዝጸንሐ መሰረት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ'ዩ። ኣብ ግዜ ሾናት ሓድሕድ ጀብሃን ሻዕብያን: ወራዙት ዓበይቲ ዓድን ካህናትን ኢማማትን ደይኮኑን: “በጃኹም ሰሚርኩም ባ ይ ቶ ኣቦታትኩም ወሪስኩም: ጸላኢኹም ሰጕኩም ዓድኹም እተዉ“: ክብሉዎም ከለው እምቢ ብማለት: ጸላኢ ኣብ ከርሲ ኤርትራ ከሎ: ኣብ ክንዲ ሕብረት ወልፊ ሾናት ሕድሕድ ምክያድ ስለዝመረጹ: ንዝቢ ኤርትራ ካልኣይ ጸላኢ ኮይኖሞ'ዮም። ስለ'ዚ ባህግን ግብርን ሰማይን ምድርን ስለዝኾኑ: ንዝሓለፈ ታሪኽ ገምጊምካ ብዓሚቑ መጽናዕትን ምርምርን ዝተሰነየ: መሰጋገሪ ሃገራዊ-ባይቶ ኣብ ሻራ ዘይብለን ሃገራት ተጋቢእካ ምምስራት ጥራይ እዩ: ንህዝብና ኣብ ንቡሩ መሊሱ ዓወት ከምጽኣሉ ዝኽእል። ካብኡ ሓሊፉ ዝግበር „ዋዕላ“ ግና: ዝብኢ ክወግኡ፣ ኣብ ኣድጊ ይጽግዑ ጥራይ እዩ ትርፉ።

## “ቅድም ምንቃሕ: ድሓር ምውዳብ“

ርግጽ'ዩ ቃልሲ ህ.ግ..ሓ.ኤ. ክጅመር ከሎ: ተባዓት ፈላስፋታት ደቂ ሃገር ነዚ ሎሚ ብኢሰያስን ኮራኹሩን ዝፍጸም ዘሎ ብልሽውና ዘለለዩ ነይሮም'ዮም። ግና “መንካዕን“ “የሚንን“ ተባሂሎም ብትእዛዝ ኢሰያስ ስለዝተቐንጸሉ: ዕድል ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ: በቶም ዝተባህሎም ጥራይ ዝልፍልፉ: “ካድሬታት“ ዝጽውዑ (Robot-radicals) ተተኪኦም። ነቲ ምስ ባህልናን ታሪኽናን ዘይሳነ: ምጻእተኛ “ስነ-ሓሳብ ምርክሰ-ለኒን” ከይተማራመሩ ሽምዲዶም

ጥራይ: “ቅድም ምንቃሕ ድሓር ምውዳብ“ ዝብል ዝንቡዕ ትምህርቲ እናምሃሩ: ስምዒት መንእሰይ መዝሚዞም: ኣብ ፈቐዶ ዓድታት ኤርትራ ዋህዮታትን ለቐታታን ብምውዳብ: ባይቶ ዓደቦ መንቀሶም'ዮም። እቶም በቲ ትምህርቲ ድያብሎስ “ማርክስ-ለሊንነት“ ተመሪዞም: ብስምዒት ንሜዳ ዝወፈሩ መንእሰያት ከኣ: ኣብ ሓዊ ተጠቢሶ ዓሪቦም'ዮም። ሎሚ ድማ ብሰብ ጽሮራ ማፍያ ተተኪኦም: ንይምሰል ብዝኽረ-ሰማእታት ጥራይ ይዝከሩ ኣለዉ። ብመሰረቱ ግና እቲ “ቅድም ምንቃሕ ድሓር ምውዳብ“ ዝብል ሓረግ: ኣብ ባህልናን መንነትናን ተመስሪቱ: ብግቡእ እንተዝትግበር ነይሩ: ኣዎንታዊ ፍረ መፍረየ ነይሩ። ዝንቡዕ ፍልስፍና ሓሶት ስለዝነበረ ግና: እቲ ዘፍረዮ ፍረ ንኢሰያስ ኣብ ስልጣን ምስቃል ጥራይ እዩ። ኣንሆ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ሃውርያት ኢሰያስ ባርያ'ታ ተቓሊሱ ዘምጽኣ ነጻነት ኮይኑ'ሎ። እቶም ስብከት ካድረታት ሻዕብያ ቅጭ ዘምጽኣሎም: ዓበይትን ወራዙትን ካህናትን ኣሻኻትን ኣቦታትና: እንታ “ኣንታይ ዘረባ ተስምዑና ኣሎኹም: ኣብ ባህልኹምን ኣብ ታሪኽ ዓደቦኹምን ተመርኲስኩም: ምስ ዓበይቲ ዓድን ካህናትን ኢማማትን ኣናተማኸርኩም: ንህዝቡኹም ዘይትምህሩ“: ክብልዎም ከለው: ኣድሓርሓርትን ብርጅዋን ፐቲ-ብርጅዋን ኣናበሉ: ዝቐንጸሉዎም ማኣለያ የብሎምን። እቶም ኣብ ዓዲ ዓዲ ዝተቐንጸሉ ዓበይቲ ዓዲታት ከኣ: ዝርዝር ኣስማቶም ሓደ እዋን ክግለጽ'ዩ። ብኸም'ዚ ድማ ንህዝቢ ኣደንቀሮሞ ኣንሆ ሎሚ ሃገር ይገዝኡ ኣለው። እታ ዋዕላን ባይቶን እትብል ትካል ዓደቦ እምብኣር ብኸም'ዚ ውዲት'ዚ ሓቐቐት።

ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ግና: ካብ'ቲ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ግዕዘይ ፕሮፓጋንዳ: ዝሓሸ ከምዝነበረ ዓበይቲ ዓድታት ይከታተልዎ ነይሮም'ዮም። ብሓፈሻ ብወገን ካድረታት ተ.ሓ.ኤ.: ኣብ ባህልን ርስትን ዓደቦ ተመርኲሶም: ንህዝቢ ዝምህሩን ዘረድኡን ዝነበሩ ሓያሎ ፍላስፋታት ኤርትራውያን ነይሮም'ዮም። ንመረዳእታ:- ፈላስፋ ዘየሱስ ወልደኪዳን ነዚ ሎሚ ብህ.ግ.ደ.ፍ. ዝፍጸም ዘሎ ማፍያዊ ግፍዒታት ኣቐዲሙ ስለዝተነበየ: ብዕለት 4.7.1978 ዓ.ም. ኣብ ድቀ-ምሓረ ድንበዛን ትርጉም ፍትሕን ውዲት ሻዕብያን ክምህር ከሎ: በታ ወዲ “በላዕ ጣዕዋ“ እትምራሕ ዝነበረት: ቀንጻሊት ጉጅለ ሻዕብያ ተቐንጺሉ። ወዲ “በላዕ ጣዕዋ“ ከኣ: ምስቲ ኩሉ ገበናቱ: ክሳብ ሎሚ ኣባል መንግስቲ ህግደፍ ኮይኑ: ገና ብህይወቱ ይነብር ኣሎ። ፈላስፋ ክብሮም ወዲ-ደቀምሓረ ድንበዛን ከኣ: ኢሰያስ ካበይ ነቒሉ ኣበይ ከምዝብጽሕ ኣቐዲሙ ይፈልጥ ስለዝነበረ: ንህዝቢ ማይ ዕዳጋ ዘርዚሩ ክምህር ምስጀመረ: በቶም ወልፊ ደም ምፍሳስ ዝነበሮም: ቀንጸልቲ ጉጅለ መሳርሒ-ኢሰያስ ተቐንጺሉ። ክሳብ ሎሚ ከኣ ህዝቢ ድንበዛንን ማይ ዕዳገን ታሪኽም'ዞም ክልተ ፈላስፋታት ኤርትራውያን ኣናዘከሩ: “ለካ ኢሰያስ ነቶም በላሕቲ ካድረታት ተ.ሓ.ኤ. ኣዘንጊዑ ዝቐንጽሎም ዝነበረስ: ነዛ ሎሚ ዝፍጽማ ዘሎ ዓመጽን ክሕደትን ኣቐዲሞም ይፈልጥዋ ስለዝነበሩሞ መታን ተላኺኡ ከይፈሽሎ ኢሉ'ዩ“ ኣናበሉ ክሳብ ሎሚ የስተንትኑ ኣለው። ድሕሪ ምቕንጻል ንኡዳት ካድረታት ተ.ሓ.ኤ.ን: ምቕንጻል ወራዙት ዓበይቲ ዓድን: ምፍራስ ባይቶን ዋዕላን ዓደቦ ኣኽቲሉ'ዩ። ነዚ ትምህርቲ ድያብሎስ ዘትዓዘቡ ኣቦታት ከምዚሎም ኣጠንቂቖም'ዮም። “ኣብ ባህልን ርስትን ዓደቦ ተመርኲስኩም: ነቲ ውርዙይ ባህልና እናማዕበልኩም ዘይትምህሩ: ርሑቕ ዓዲ መሓሰዊ! ሕሱር ፍልስፍና ባዕዳውያን ኣንታይ ክዓብሰልና'ዩ: ዘይስማዕ ተስምዑና ዘሎኹም“: ኢሎም ዓገብ ዝበሉ: ኣብ ፈቐዶ ዓድታት ኤርትራ በታ ቀንጻሊት ግጅለ ሻዕብያ ተቐንጺሎም'ዮም። እቲ ቀንዲ መቐንጸሊኦም መኽንያት ከኣ: ነቲ ንቡር መሰረት ህዝቢ መንቀስካ: በዚ ሎሚ ውሪዱ ዘሎ ንጉደና ጥፍኣት ዘምርሕ: ብልሹውን ንዉርን መግዝእቲ ንምትካእ'ዩ።

ስለ'ዚ'ምብኣር እቲ “ቅድም ምንቃሕ ድሓር ምዕጣቕ” ዝብል ትምህርቲ ሓሶት: ኣብ'ቲ ባህልን ታሪኽን ህዝቢ ኤርትራ ዝተመስረተ ዘይኮነስ: ስምዒት ገርህኛ መንእሰይ መዝሚዙ ዘደንዝዝ: ምጻእተኛ “ስነሓሳብ ምርክሰ-ለኒ” ዝብሃል'ዩ ነይሩ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: ሜዳ ኤርትራ ምስ ሓደገቶን: እታ ብእኩብ ድምር መስዋእቲ ደቂ ኤርትራ: ዝመጸት ነጻነት መሬት-ኤርትራ ምስተረኽበትን ግና: መድረኽ ምንቃሕን ምውዳብን ምዕጣቕን ኣብቂዑ: ሰረገላ ቅድሚ ፈረስ ኮይኑ። ንግደ ሓቂ ግና: ሎሚ'ዩ ህዝቢ ኤርትራ ብንቕሓትን

***ብውደባን ጸላእቱ ኣለልዩ፡ ብመንገዲ ዋዕላ ኣቢሉ ሃገራዊ-ባይቶ መስሪቱ፡ ሕረስ ሓረስታይ ንገድ ንጋዳይ ዘፍቅድ ሕጋዊ-መንግስቲ ክተክል ዝግባእ ነይሩ። ዕድሉ ኮይኑ ግና፡ እቲ ነስመራ ዝኣተወ ሰራዊት፡ ድሕሪ ጋም-ማን ታዕሊም "ተበገስ" እናተባህለ ንናደውን ንመንግስቱ ጥራይ ስለዝስዓረ፡ ቃልሱ ብእኡ ከምዘብቅዐ ገይሩ ወሲዱዎ። ስለዘይነቕሐን ዘይተወደበን ከኣ፡ ሎሚ ብካብ ናደውን መንግስቱን ዝገደዱ ተኾሉ፡ ብብዓል ማንኪን ክሻን ሰጥ-ለበጥ ኢሉ ይግዛእ ኣሎ።***

***ስለ'ዚ በቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብን ሰራዊት'ውን፡ ስኣን ንቕሓት ገና ፍታሕ ኣይተረኸበን። በዞም "ውድባት ኢና"፡ "ምሕዝነት ኢና"፡ "ኪዳን ኢና" "ድሕነት ኢና"፡ "ህዝባዊ ፓርቲ ኢና"፡ ኣናበሉ ብብልሽውና ኢሰያስ ዝሽቅጡ ዘለውኸ፡ እናታይ መፍትሒ ይርኤ ኣሎ ? ክሳብ ሎሚ ኣንሆ 19 ዓመታት ሓሊፉ፡ ተስፋ-ቆርጸት እንተዘይኮይኑ ንህዝቢ ኤርትራ ፍታሕ ከምጽኡሉ ኣይበቕዑን። እቲ ካብ ኵሉ ዘሕዝን ድማ፡ ኢሰያኣስ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ውድባት ኤርትራ፡ በቲ ብጕይቶቱ ዝተዋህቦ ዘይተኣደነ ስለላ መርበብ ዝተመልመሉ፡ ኮራኹሩ ኣዋፊሩ ሰሊኹ ምህላው ብዙሕ ሰብ ስለ ዘይፈልጦ'ዩ። እዞም ወኻሩ ኣዚኦም ድማ፡ ቀንዲ ተልእኾኦም ንህዝቢ ኤርትራ ኒሕን ሓቦን ቃልሱ ተጸንቂቖ ተስፋ ክቘርጽ'ሞ፡ እታ ፍታሕ ኣብ ኢድ'ቲ ብሕሱም ጭቈና ዝገዝኦ ዘሎ ኢሰያስ ጥራይ ከምዝኾነት፡ ብቐስብ ከኣምንን ንኢሰያስ ከምልኽን ጥራይ እዩ።***

***ኣሞ ንሓዋሩኸ ድኣ እቲ ፍታሕ ኣንታይ እዩ ክኸውን? ህዝቢ ከይሓዝካን ብግቡእ ከየንቃሕካን ከይወደብካን፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከድካ፡ "ዋ ዕ ላ" ኣካይድና ስለዝበልካዮ ቀላዓለማዊ ቃልሲ ጥራይ ዘይኮነስ ክድዓት'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ግና ምስታ ዘላቶ ተመክሮ፡ ካብ ኣርዑት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከገላግሉዎ ዘይኮነስ፡ ትላእኾኦም ዕድመ ኢሰያስ ንምንዋሕ ጥራይ ምዃኑ ድሮ ስለዘለለዮም፡ "ዘይተኣማመኑ ጐሓላሉ፥ ኣብ ከክሳድ ይማሓሓሉ" ከምዝኾኑ ገምጊሙ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ ካብ ፈተውተይ ድኣ ሓልወኒ'ምበር፡ ካብ ጸላእተይሲ ባዕለይ እጥንቀቕ" ዝብል መትከል ሒዙ ይዕዘቦም ኣሎ። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ለውጢ ንኽመጽእ፥ እቲ ኰነታትሲ በሲሉ ጥራይ ዘይኮነስ ሎምስ ሓሪሩ'ኳ። እቲ ኣውራ በኹሩ ዘሎ ግና፡ እቲ ውፉይ ኤርትራዊ፡ ንውልቃዊ ረብሓኡን ተራ መሪሕነትን፡ ንህዝቢ ገዲፉ፡ ነዚ ዘሎ ህሉው መድርኽ ንኽቕይሮ ክጽዕል ኣለዎ። ንሱ ከኣ ብዘይፍጻም ተስፋን መብጽዓን ዘይኮነስ፡ ንሕሉፍን ህሉውን ሽግር ኤርትራ፡ ብረቂቕ መጽናዕትን ምርምርን መዚኑን ገምጊሙን፡ ካብ ካልኦት ከይተጸበየ፡ ብነብሱ ተኣማሚኑ ውህደትን ሕብረትን ዝድልድለሉ ጻዕሪ ከካይድ መድረኽ ይጠልቦ ኣሎ። "ዛግራን ኣብ'ዚ፥ መሸንጎኻን ኣብ'ቲ"፡ ዝመስል ቃልሲ ኣካይድካ ግና ቀላዓለማዊ ቃልሲ ጥራይ እዩ።***

## ***መ ደ ም ድ ሚ :-***

***"ንማሽላ ቈላ ንዓደቦ ዋዕላ" ከምዝብሃል፡ እዚ ሕጂ ዝሕሰብ ዘሎ "ዋ ዕ ላ" ንምግባር ወፍሪ፡ ብመሰረቱ ነቲ ንቡር ዝኾነ "ዋ ዕ ላ" ዓደቦ መሊሱ ዘሓድስ ድኣምበር፡ ሎሚ ዝተማህዘ ሓዲሽ ምህዞ ከምዘይኮነ ክንግዘብ ይግባእ። ሎሚ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ኰንካ ክግበር ይሕሰብ ስለዘሎ፡ ነቲ ጽባሕ ክህነጽ ንደልዮ ሃ ገ ራ ዊ - ባ ይ ቶ መሰጋገርን መበገስን ድኣንበር ፍጹም "ዋ ዕ ላ" ከምዘይኮነ ከኣ ግድነት ክፍለጥ ኣለዎ። ስለ'ዚ ኩሎም ወከልቲ ኣውራጃታት ኤርትራ ዝሳተፍሉ፡ መታን ክኸውን ግዜ ወሲድካ ብረቂቕ መጽናዕትን ምርምርን ኣዳሊኻ ክካየድ ይግባእ። ብሃታታን ብህጹ ቈጸራን ኣክይድካ፡ ጽባሕ ንግሆ ዝፈሽል እንተድኣ ኮይኑ ግና፡ ንግበሮን ኣይነጸብቆን ኮይኑ'ዩ ዝተርፍ። ስለ'ዚ ከምኡ መታን ከይከውን "ቅድም ምንቃሕ፡ ድሓር ምውዳብ"፡ ዝብል ቅኑዕ መምርሒ ሓንጺጽካ ብፍትሕን ርትዕን ዝተሰነየን ንኹሎም ወከልቲ ኣውራጃታት ኤርትራ ዝሓቘፈን ዋ ዕ ላ - ኤ ር ት ራ ክምስረት ኣለዎ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ዝቐውም ዋዕላ ግና ዘይወጽእ ጣዕሳ ጥራይ እዩ ሳዕቤኑ።***